# ኣል gis ዳዕዋ

ብማሕበር እስላማዊ ምትሕግጋዝ እትዳሎ መጺሔት ቁ: 36 October 2005 http://www.aldawa.de

## ርሑስ ሮመዳን ይግበረልኩም

ክቡራት ኣሕዋትን ኣሓትን እስላማዊ ሰላምታና ይብጻሕኩም። ድሕሪ ቅሩብ መዓልታት ሓደ ዕዙዝን ብሩኽን ዝኾነ ወርሒ ሮመዳን ክንቅበሎ ኢና። በዚ ጽቡቕ ኣጋጣሚ'ዚ ማሕበር እስላማዊ ምትሕግጋዝ ኩሎም ኣስላም ኣሕዋቱ ወርሒ ሮመዳን ንኽጾሙ ረቢ ክእለትን ሓቦን ክህቦም እናተመነየ ርሑስ ሮመዳን ይግበረልና ይብል።

ከምኡ ዉን ንዓመታ ብጥዕናን ጽቡቕ ግብርን ኣጽኒሑ የብቃዓና እናበለ ልባዊ ትምኒቱ ይገልጽ።

### መርሓባ ሮመዳን

يَا أَيُّهَا الَّذِينَ آمَنُوا كُتِبَ عَلَيْكُمْ الصِّيَامُ كَمَا كُتِبَ عَلَى الَّذِينَ مِنْ قَبْلِكُمْ لَعَلَّكُمْ تَتَّقُونَ (183)

ኣላህ ሱብሓነሁ ወተዓላ በዘን ጥቕስ-ቁርኣን ኣቢሉ ናይ ሮመዳን ጾም ግዴታ ኣዚዙና።
ወርሒ ሮመዳን ኣብ ዓመት ሓንሳብ ካብቲ መሰረት ምስልምና-ጾም ሒዙ ዝመጽእ ክቡር ወርሒ ምኳኑ ዘይፈልጦ ኣሎ ኣይንብልን።

ሮመዳን ናይ ሂዳያ ወርሒ እዩ። ኣብዚ ወርሒ'ዚ እንሰርሖ ግብሪ ሰናይ እጃሙ ብዕጽፍታት ከምዝኸዉን ረቢ ኣበሲሩና። እዚ ኻኣ ንኣላህ ክንብል (ትእዛዙ ክንኽብር)ካብ መግብን ካብ መስተን ካብ ኩሉ ጾምና ዘፍርሰልና ዘበለ-ነፍስና እትደልዮ ተኸልኪልና ስለ እንውዕል እዩ።

ኣብ ገጽ 2 ይቕጽል..

### ትሕዝቶ ሕታም

ገጽ

መርሓባ ሮመዳን......................1,2

ንረቢ ኣይንማርሮ.........................3

ሕውየት ልቢ.................................4

በትሪ ሓቂ ( ግጥሚ) .................5

ዛንታ ነቢያት .........................6,7

ቅልዕቲ ደብዳቤ ንኡምሃሽም(1).8,9

ኣልዳዕዋ እንተተሓተካ.............10

ወርሒ ሮመዳን ርሑስ ናይ ሂዳያ ወርሒ ምኳኑ ኣርሒቕና ከይከድና ኣተዘርና ከይጠመትናን:ብቐሊሉ ብዙሕ ዘሕጉስ ኣብነታት ኣከባቢናን ንርእን ንሰምዕን።
መስተ ይኹን ጠላዕ:ዝሙት ይኹን ዘይናትካ ምብላዕ:ከምኡ"ዉን በብዓይነቱ በብዓይነቱ ዝኾነ እከይን ገበንን ሕጊ ናይ ረቢ ጥሒስካ ዝካየድ ዝነበረ ገዲፎም ቅኑዕ መንገዲ ክሕዙ ዝጀመሩ ኣብ ሮመዳን ብብዝሒ ንሪኦም።ሽሕ"ኳ ካብኣቶም ንሸይጣን እንደገና ኢዶም ሂቦም ኣብቲ ዝነበርዎ ዓዘቕቲ ክምለሱ እንተተራኣዩ:ንቡዙሓትሲ ናይ እንደገና ከምዝተፈጠርካ ዝመስል ካልእ ሓዲሽ ሂወት ኮይኑ ንረኽቦ።ኣልሓምዱሊላህ።

ነቶም ተሓጺቦም ኣብ ጭቃ ዝምለሱ ውሑዳት ኣሕዋትና ግን "" ረቢ ኣብ ሮመዳን ጥራይ ኣይኮነን ዘሎ:እቲ ኣብ ሮምውዳን እንግዝኦ ጎይታ ንሱ እዩ እቲ ናይ ካልእ ኣዋርሕ ጎይታ። ጽቡቕ ግብሪ ንሮመዳን ጥራይ ኣይኮነን ተውሲኑ ንብሎም።ቀጺልና ኣላህ ብፍቓዱ ንጅምዓት ካብ ኩለን ዕለታት ከብልጻ እንከሎ ንሮመዳን ካኣ ካብ ኩለን ኣዋርሕ ኣብሊጹ ነዓና ናይ ብዙሕ ረብሓ ወርሒ ሂቡና።ኣልሓምዱሊላህ።

ስለዚ ኣብ ወርሒ ሮመዳን ዝኣከብናዮ ረብሓን ዝራኣናዮ ሰናይ ጠባይን ድሕሪ ሮመዳን ክንቅጽሎ"ምበር ከነሕርሮ ከምዘይግባእ ኣጸቢቕና ንገንዘብ።

ጥምየት ፈቲንና ናይ ጥሙይን ስእንን ክፍለጠና:ካብ ሓላል ገንዘብናን ጥሪትናን ዘካት ብዝተባህለ፡ (ብቲ ሕንጹጽ ኣገባብ ) ርኹብ ንስኡን ዝሕግዘሉ ስርዓት በዚ ክንተሓጋገዝን ክንደጋገፍን ሰሪዑልና።ካብዚ ዝዓቢ ናይ ሕብረተሰብ ኣካብን ፈታሕ ጸገምን የለን:ናብ ሰላምን ሕውነትን ካኣ የብጽሕ።

ብዛዕባ ሮመዳን ነቢዪና ሙሓመድ( ሰ.ዓ.ወ.) "" ኣብ ሮመዳን ዝርከብ ኩሉ (በረከትን ምስጢሩን) እንተትፈልጥዎ ምሉእ ዓመት ሮመዳን ክኾነልኩም ምተመነኹም""ይብሉ::

በዚ ጥዑም ኣጋጣሚ"ዚ ንኹሎም ናይ ምስልምና ኣመንቲ ዕውትን ረብሓን እነንጓናጸሉ ወርሒ ክገብረልና እናተተምነና:ሮመዳን ሙባረክ ንብል።

መጺሔት ኣልዳዕዋ ብማሕበር እስላማዊ ምትሕግጋዝ ኣብ ሃገረ ጀርመን እትዳሎ መጺሔት እያ።

**ኣድራሻ:**
Gis e.V.
P.O.Box 101344
42103 Wuppertal
Germany

መርከዝ ቢላል:
Montanus Str.76
51065 Köln

**Bank:**
**Deutsche Bank A.G**
**Wuppertal**
**KontoNr. 280 29 08**
**BLZ 330 700 24**

## ለበዋ

ክቡር ኣንባቢ መጺሔት ኣልዳዕዋ

ኣብ መዳይ ጽሑፍ እጃምካ ከተበርክት ንላበወካ።
ንእስላማዊ ትምህርቲ ዘንጸባርቕ ዝኾነ ሓሳብ ወይ ርኢቶ ዋላኳ ትርጉም ናይ ሓንቲ ጥቕሲ ቁርኣን ትኹን ካብ ምጽሓፍን ምስታፍን ኣይትቆጠብ።

ረሱል ሰለላሁ ዓለይሂ ወሰለም ይብሉ:

( በሊቑ ዓኒ ወለው ኣያ)

ወላኳ ሓንቲ ጥቕሲ ኣያ ትኹን ኣብጽሑለይ። ብተወሳኺ ዝኾነ ነቐፌታን ንጉድለታትና ዝእርም መአረምታን ሓሳብን ከተወፉዩልና ብትሕትና ነሓተኩም።
ናብ ረቢ ዳዕዋ ምግባር ናይ ኩላትና ሓላፍነት ከምዝኾነ ኣይንረስዕ።

## መተሓሳሰቢ

ኣብ መጺሔትና ናይ ቁርኣን ጥቕስታት ኣያት ስለ ዘሎ ብጽቡቕን ብጥንቃቐን ክትሕዝዎ ንላቦ። ከምኡ እውን ዝኾነ ኣብ መጺሔት ኣልዳዕዋ ዝቐርብ ጽሑፍ ናይ ጸሓፊኡ ርኢቶ እዩ ዝውክል።
ከምኡ እውን ናይ ዝኾነ ምስትርጓኝም ናይ ቁርኣን ወይ ኣሓዲስ ዝርከብ ጌጋታት ሓላፍነት ዝስከሞ እቲ ደራሲኡ እዩ።

# ንረቢ ኣይነማርሮ

ብ: ሓፍት ኹም ኡሙ በክሪ

ኣብዚ እዋን እዚ ኩላትና ወይድማ መብዛሕትና ከነንጽርጽር ንርከብ ።
ዘለዎ ዘይብሉ ጥዑይ ሕሙም ዝሰርሕ ዘይሰርሕ ኩላትና ንረቢ ሱብሓነሁ ወታዓላ ከነማርሮ ንርከብ ኣለና።
ብጀካ ውሑዳት ረቢ ዝሃቦም ኣልሓምዱኢላህ ኢሎም ዝ ኸዱ ዘለዉ።

ረሱል ሰላላሁ ዓልይሂ ወሰለም ኣብ ኣልዱንያ ሕጉስ ክትከውን ትሕተ ኻ ዘሎ ረአ፣ ኣብ ኣኼራ ክትሕጎስ ልዕለ ኻ ረአ። *በቲ ዘለካ ተመታዕ( ተደሰት)።*
ነዚ ብዝምልከት ኣብ ኢ ቕራእ ዝሰማዕክዋ ዝዓጀበትኒ ቂሳ(ዛንታ) ከተሓላልፋ ደስ ይብለኒ።

ሓደ ሰብኣይ ኣብ ናብራኡ ዝጎደሎ ነገር ኣይነበሮን እንተ ኾነ ግን ልዕሊ ሰብ ክ ኸዉን ብዙሕ ጥሪት ዘይብሉ ላዕሊ ላዕሊ ክርኢ ብዙሕ ይጭነ ቕ።እዚ ሰብ ክህልዎ ዝግበኦ ኩሉ ነገራት ኣለዎ።ማለት ወድሰብ ክነብር ሰለስተ ነገራት የድልየኦ።መዕቆቢ ገዛ:ክዳን:መግቢ ካልእ ዝያዳ እዩ።

እዚ ሰብኣይ ረቢ ኩሉ ሂብዎ እንከሎ:ጥዕና:ውላድ: ገዛ: ዝያዳ ነገራት ስለ ዝደልየ ኻኣ ባዕሉ ኣብ ጭንቂ ይኣቱ።ናበይ ከምዝ ኸይድ ኣይፈልጥን እግሩ ዝሃቦ መንገዲ ይ ኸይድ።
ኣብ እግሪ መንገዱ እና ኸደ እንከሎ ኻኣ: ሓደ ሰብኣይ ኣብ ውሽጢ ሓንቲ ተንዳ ኾይኑ ዱዓ እናገበረ እንከሎ ይሰምዑ።እታ ዱዓ ድማ ከምዚ ትብል ንበረት:

(( ኣልሓምዱሊላህ ኣለዚ ዓፋኒ ሚማብተላካ ወፈደለኒ ዓላ ከሲሪን ሚመን ኸለ ቕ ተፍዲላ፣)) እዛ ዱዓ ኻኣ እንተዳኣ ኣካለ ስንንኩል ርኢና እንጥቀመላ ዱዓእ እያ።

እዚ ሰብ ነዚ ኣብ ሳሕራእ ኣብ ውሽጢ ተንዳ ኾይኑ ዱዓእ ዝገብር ዘሎ ሰብኣይ ክሰምየ እትው በለ።እቲ ሰብኣይ ዱዓእ ዝገብር ዝነበረ ኻኣ ንባዕሉ ዕዉርን ኣካለ ስንኩል ስለዝነበረ እቲ ሰብኣይ ገሪምዎ:ነቲ ዕውር ክሓተካዶ ተፍቅደለይ በሎ።
ተፈደል ኢልዎ :እቲ ዕዉርን  ባራዲስን ዝ ኾነ ሰብኣይ እሞ ኣእጋሩ ዘይንቐሳቐሳ :ንስ ኻ ኣይትርኢን ኣይትንቀሳ ቕስን እንከለ ኻ ኣብዚ ሳሕራእ በይን ኻ ከመይ ጌርካ ኣልሓምዱሊላህ ካብ ካለኦት ዘብለጸኒ ነዚ ዱዓእ ትገበር :ኢሉ ምስ ሓተቱ: እቲ ኣካለ ስንኩል ከምዚ ክብል መለሰሉ:

ነዓይ ረቢ ብዙሕ ኒዕማ( ጸጋ)ሂቡኒ :ነዚ ዘረባ ኻ ሰሚዔ ክምልሰልካ ም ኽኣለይ እውን ዓቢ ኒዕማ ዶ

ኣይኮነን?ርእሰይ ኣስሪሐ ዝገብሮን ዝፈልጦን ፈሊጠ ዝ ኸይድ ዘለ ኹ:ክንደይ ዓይኒ: እግሪ ዘለዎም ኣእምሮኦም ዝሓመሙ ኣብ ፈቐዱኡ ዝብልዎ

ዝሰርሕዎን ዝብልዎን ዘይፈልጡ :እቲ ካልእ ግደፎ እዚኦን ጥራይ ዓቢ ኒዕማ እየን: ምስ በሎ :እቲ ሰብኣይ

ተገሪሙ :ሓቅ ኻ ኣነ ባዕለይ እየ ተጋጊየ:ግን እነሄ ኹ ካባ ኻ ዓቢ ይ ትምህርቲ ወሲደ።ግን ካባይ ትደልዮ ነገር እንተሎ ክሕግዘካ ምስ በሎ:ወላ ሓንቲ ግን ወደይ ወዲ 14 ዓመት እሱ እዩ ዝናብየኒ ኔሩ:ትማሊ ምስ ወጸ ክሳዕ ሕጂ ኣይተመለሰን።ኣብ ከምዚ ቦታ ኼድካ ርኢ ኻ ደሃዩ ንገረኒ።
ሕራይ ኣብ ሽር ኢሉ ኣብ ሓንቲ ትሒቲ ጎቦ ዝሞቱ እንስሳታት ምስኦም ዝብኢ በሊዕዎ ተጸጊዑ ልክዕ ከምቲ ኣቦኡ ዝሓበረሉ ኩሉ ነገረ ከምኡ ረ ኺብዎ።

ሰንቢዱ ከምይ ጌረ እየ ነዚ ወረ ወድ ኻ ሞይቱ ኢለ ዘብጻሓሉ እናበለ: ግን ሓሲቡ ናብቲ ኣካለ ስንኩል ብም ኻድ:ከምዚ ክብል ተዛረቦ:ናባ ኻ ዝወረደ ፈተነ(ኢብትላእ)ዝወረደ ዶ ይብርትዕ ወላ ናብ ነቢይ ኣላህ ኣዩብ?ኣላሁ ኣክበር ናብ ነቢይ ኣላህ ኣዩብ ዝወረደ ፈተነ እምበር ይብርትዕ: ክብል ካኣ እቲ ዕዉር ሰብኣይ መለሰሉ።

በል ረቢ ኢማን ይሃበካ ወድ ኻ ተራሒሙ(ሞይቱ) ክብል ምስነገሮ።ኢና ሊላህ ወኢና ኢለይሂ ራጂዑን።ኢሉ ኣብኡ ኸሎ ሓቁ ሒዙ( ኦይቱ)። ሓደ ሓደ ሰብ ጸዊዑ ኣዕጽምቲ እቲ ቆልዓን ኣቦኡን ብሓደ ቀቢሮም።ንለይቱ ይብል እቲ ሰብኣይ ሓሊሙ። እቶም ዝሞቱ ኣብ ጽቡ ቕ ቦታ ብርሃን ብብርሃን ጻዕዳ ክዳን ተ ኸዲኑ ይራኣዩ:ከመይ ጌርካ ናብዚ ቦታ መጺእካ ኢሉ ይሓቶ እሞ:ኣቲ ኣብ ዓቢ ኒዕማ ዝነበር ዘሎ ሰብኣይ ይብል:
ረቢ:ሰላሙን ዓለይኩም ቢማ ሰበርቱም:ኢሉ ተቐቢሉ ናብዚ ቦታ ኣእቲና።
ይብሎ::

# ሕውየት ልቢ

*ብዓብደልሓኪም ሳልሕ*

መብዛሕቱ ሰብ ነብሱ ከም ጡዑይን ንጽሁን ለዋህ ባዓል ሰናይ ግብሪ ኮይኑ ከቅርብ ይፈቱ። ዉሑዳት ሰባት ኢዮም ብጉድለቶምን ድኽመቶምን ዝእመኑ። ኣዝዮም ዝዋሓዱ ኢዮም ብድኽመቶም ኣሚኖም ንጉደለቶም ከማሓየይሹ ዝጽዕሩ።

ወዲ ሰብ እታ ኣብ መዓምቁ እትርከብ ልቡ ምስ እትጥዕይ ይጥዕይ ምስእትጽየቅ ይጽየቅ። እዚ መዓሙቅ እዚ ፡ ስፍራ ናይ ኢማን ወይካኣ ስፍራ ናይ ክሕደት ይኸውን ። እንተዳኣ እዚ መዓሙቅ እዚ ኢማን ሰፈሩዎ ኾይኑ ተግባራትና ይጥዕይ: እንተዳኣ ክሕደት ሰፈሩዎ ካኣ ተግባራትና ይኽፍእ። ስለዚ ልቢ ንወዲ ሰብ ቀንዲ እቲ ዝጸሮ ኻኣ ቀንዲ ንናብርኡ እዩ። በዚ ምኽንያት ካኣ ሕውየቱን ሕማሙን ዓቢ ተገዳስነት ክንህቦ ይግባእ።

ሰለስተ ዓይነት ልቢ ኣለዉ: ዝርዝሮም ካኣ ከምዚ ዝስዕብ ይኸውን። እቲ ቀዳማይ ዓይነት ልቢ ብምዉት ልቢ ይፍለጥ። ከምዚ ልቢ ዘለዎም ሰባት ክሕደትን ጭካነን ዝዓብለሎ ስራሓት ይሰርሑ። ብኣንጻሩ ኻኣ ሕዉይ ልቢ ይኸውን : እምነትን ቅንዕናን ዝመልኦ ልቢ። ወዲ ሰብ ካኣ ብፍጥረቱ ባዓል ጡዑይ ልቢ እዩ። ኣብ መንጎኦም ካኣ ሕሙም ልቢ ዝባሃል ኣሎ። ድኽመት ዘስዕብ እሞ ኣብ መንገዲ ቅንዕና ምስንኻል ዝፈጥር ናብ እከይ ተግባር ዘውድቕ ይኸውን።

ናይ ልቢ ሕማማት ዝተፈላለዩ እዮም። ካብኣቶ ክጠቅስ እንተኾይና እቲ ቀንዲ ሕሱም ሕማም ልቢ ብህላውነት ረቢ ምጥርጣር ይኸውን። ረቢ ሱብሓነሁ ወታዓላ ፈጢሩ ከብቕዕ ብዛዕብኡ ንእሽቶይ ጥርጣረ ከተሕድር ካብቲ ዝዓበየ ሕማማት ልቢ እዩ። እዚ ዓይነት ሕማም ልቢ ካኣ ካብቶም ኣብ ወዲ ሰብ ቃንዛ ዘሕድሩ ሕማማት እዩ። ብዛዕባ ረቢ ዝጣራጠር ሰብ ቅሳነት ይስእን : ኣብ ውሽጡ ጭንቂ ይሰፍሮ። ካላእይ ኣብነት ናይ ልቢ ሕማማት ሓሰድ ይኸውን። ቀንዲ ትርጉም ናይ ሓሰድ ካኣ : ነቶም ዘለዎም ንከይህልዎም ምትምናይ እዩ። ንኣብነት ንሃብታም ድኽነት ትትምነየሉ : ንምሁር ዱንቁርና : ንመልከዕኛ ክፍእቲ ክትከውን ምትምናይ ማለት እዩ። ሳልሳይ ኣብነት ካብ ሕማማት ልቢ ካኣ ትዕቢት ይኸውን። ኣብ ልቡ ንእሽቶይ ትዕቢት ዘለዎ ሰብ ጀና ክኣቱ ዘኮነስ ጨና ጀና እውን ኣይክበጽሖን እዩ[1]።

ናይ ሕማም ልቢ ሳዕበን ድኽመት ኣብ ወዲ ሰብ ምሕዳር ይኸውን። ሸይጣን ብቀሊል ከስሕቶን ክጠውዮን ዝኽእል ልቢ ይኸውን። ሸይጣን ነቶም ንጹሃትን ለዋሃትን ከጋግዮም መንገዲ ሕማቅ ከትሕዞም ዓቕሚ የብሉን። ንታሪኽ ሰይድና ዩሱፍ ዓ.ሰ. እንተዳኣ ተገንዚብና ኣብሕማቅ ኩነታት ዓቢ ደረጃ ዘለዋ ሰበይቲ ኣብ ልዕሊኡ ከቢድ ጽላዋ ዘለዋ ባዕልቲ መልክዕ እሞ

ኻኣ ክንደይ ማዓጹ ዓጽያ ካብ ዓይኒ ካልኦት ሽዊላ እንኮላ ረቢ ፈሪሁ ካብ ሕማቕ ተግባር ተኸልከለ። ኣብዚ እዋን እዚ ሸይጣን ነይሩ እዩ ግን ኣብ ቅድሚ ጥዑይ ሊቢ ሸይጣን ኣዝዩ ድኹም ምኻኑ ዝሕብር ኣብነት እዩ እዚ።

ዕላማና እንታይ ክኸውን ኣለዎ ? ቀንዲ ዕላማና ልብና ምክንኻን እዩ። ሕወይት ልብና ናትና ሓላፍነት እዩ። ንሕና ኢና ልብና ካብ ሕማም ሓሰድን ካብ ሕማም ትዕቢትን ነጽሪዮን ነንጸሆን። ልቡ ከርግእ ዝደለየ ዝኽሪ ረቢ ከብዝሕ ኣለዎ[2]። ካብ ሕማም ትዕቢት ክላቐቕ ዝደሊ ተሪኽ ነቢያት ፈሊጡ ኣብነቱ ክገብሮም ኣለዎ። ካብ ሕማም ሓሰድ ክሓዊይ ዝደሊ ካኣ ምስጋና ንፈጣሪኡ ከብዝሕ ኣለዎ። ዒባዳት ምስ እነብዝሕ ኢና ልብና ከነሕዊ እንኽእል። ኩሉ ዒባዳት ንምምሕያሽ ልብና ጠቃሚ ዝኾነ ዒባዳታት ኢዩ። ብሕልፊ ኻኣ ጾም ሮሞዳን። ረቢ ስብሓነሁ ወታዓላ ጾም ረሞዳን ዝኣዘዘልና ንመፈወሲ ሕማማት ልብና ኢዩ ፡ ምእንቲ ነብስና ክንቆጻጸር ተግባራትና ክንመልኽ[3]።
ረቢ: ንሕና ብምጽማእናን ምጥማይናን እንተይ ይጥቀም ? ወላ ሓንቲ። እቲ ቀንዲ ተጠቃሚ እስኻን ኣነን ኢና። ስለዚ ትስዕብ ዘላ ሮሞዳን ከተምልጠና የብላን። ሮሞዳን ከሪም።

---

ክምቲ ነቢይ ሙሓመድ ስ. ዝበልዎ
ሱረት ኣልራዕድ ጥቅሲ 28
ሱረት ኣልበቀራ ጥቅሲ 183

# በትሪ ሓቂ

*ብኢ.ብራሂም ዓጣ*

ተዓዚብካዮ ዶ ሓወይ ድሕሪ ሰብ ተሪፍና
ኤውሮፓ ትሕቲ  ገረብ ክትድቅስ ትበልያ ስኢ.ና
መጽናዕቲ ዓለም ከይኣኽሎም ኣሕዋትና
ብሰማይ ብኹሉ ይፈላሰፉ ነበሩ እቶም ምሁራትና

ከምዘይነበሩና ኮይና ምሁራት ሊ.ቃውንቲ
ፍልጠት ዝቐለቦም ደረስቲ ገጠምቲ
ብርዒ ዝብጻዮም ለይቲ ምስ መዓልቲ

ኣብነት ኣስላማይ ኩርዓት ታሪኽና
ኣርኣያ ወድሰብ ለዋህ ነቢ.ና

ንዓና ክብሉ ክንደይ ስቓይ ርእዮም
ኣብ መሬት ክድቅሱ እምኒ ተተርኢ.ሶም
ኀረረኦም ነቒጹ ከይዓገበ ከብዶም

መንነትካ ኣይትረስዕ ሓወይ ኣስላማይ
ጽን ኢ.ልካ ስምዓኒ ነዛ ለበዋይ

ነይሮምኻ ጀ.ጋኑ ከም ኣንበሳ
ቆራጽ መዓንጣ ከም በዓል ሓምዛ

መንዩ ናፒልዮን: ሃኒባል: ኣለክሰንደር
ከለዉና ኻልድ ዓሊ. ሰይድና ዑመር
ለይቲ ተደፊኦም ነባዕቲ ንረቦም ክልምኑ
ቀትሪ ጸወምቲ ዓጠቕቲ ሴፍ ጀ.ጋኑ

በትሪ ሓቂ ትቐጥን እምበር ዘይትስበር
ታሪኽ ጀ.ጋኑ ሞይቱ ዘይቕበር
እንታይ ጌርና እንታዩ ቲ ነገር
ስለዝበልና ድዩ ኣላሁ ኣክበር

ዲን ሙሓመድ ተቖጺሩ ከም ወንጀል

ገሊ.ኡ ይስደድ ገሊ.ኡ ይእሰር

ሓድሽ መዓስ ኮይኑ ሃይማኖት ምስልምና
ኢ.ሎም ምተበገሱ ሓደ እዩ ጎይታና
ብጀ.ክኡ የሎን ንሰግደሉ ንሕና

ኢ.ማነይ ቀኒሱ ልበይ ምስ ደኺመ
ፍቕሪ ኣዱንያ ሒዙኒ እዝነይ ምስ ጸመመ

ነብሰይ ባዕለይ እየ ጎዲኣያ
ልበይ ደኺ.ማ ክነሳ ሻላ ኢ.ለያ

ኢ.ማን ድኣ ብውሽጥኻ እዩ እምበር
እንተ ኣብዛሕካ ኣይኮነን ኣስተቕፉሩላህ ኣላሁ ኣክበር

ረቢ. እኳ ናይ ልብኻ እዩ ዝርኢ.
ዝብል ኣተሓሳስባ ከምዝኾነ ጎዳኢ.
ኣትሪፉና ድሕሪ ሰብ ኣየደልይን እዩ ሕቶ
ንረዳእዮ ዳኣ ኣሕዋት ኣይንስሓቶ

ተስፋ ከይትቖርጽ ሃየ በል ሓቦ
ፈርድኻ ኣማልእ እቲ ሱና እውን ሰዓቦ

ረቢ. ዝፈትውም ኡመት ሙሓመድ ኢ.ና
እቶም ዓቢ. ሰብ ለዋህ ነቢ.ና

## ኣሓዲስ ናይ ረሱል

ብኢ.ብን መስዑድ ዝተመሓላለፈ ሓዲስ:ረሱል ይብሉ፥

(( ኣልሙእሚን ተናጋራይ:ተራጋማይ: ስዲን ከምኡ፡ ዉን ብዕሉግ ኣይኮነን))

ተርሚዚ ሓዲስ ሓሰን ይብሎ።

ብሑዘይፋ ዝተመሓላለፈ ሓዲስ:ረሱል እውን ይብሉ፥

(( ሓማይ ሰብ ጀ.ና ኣይኣቱን እዩ))

# *ዛንታ ኒቢያት*

*ብ: ሓፍትኹም ፎዚያ ሓሰን ኣማን*

ቢስሚላሂ ኣራሕማን አራሒም ኣልሓምድ ሊላሂ ረቢል ዓለሚን ወሰላት ወሰላም ዓላ ሰይድና ሙሐመድ ነቢይል ከሪም ወዓላ ኣሊሂ ወኣስሓቢሂ ኣጅማዒን ወባዕድ፥
ኣሰላም ወዓለይኩም ወራሕመቱላሂ ወበረካቱ ወመርሓበን ቢኩም መዓል ኣንቢያእ ዓለይሂ ሰላም ቒሰሱን ወዒበር ሓፈሻዊ ትርጉሙ ( ኣብንታዊ ታሪኽ ) ኣላሁ ዓዘወጀል ኣብቁርኣን አልከሪም ይብል:

*<< ናሕኑ ነቁሱ ዓለይካ ኣሕሰና ኣልቀሰሲ ቢማ ኣውሓይና ኢለይካ ሃዛል ቁሩኣና ወኢን ኩንታ ሚን ቀብሊሂም ለሚነልቓፍሊን* >>

ሓፈሻዊ ትርጉም ናይዛ ኣያ: ( ኣላሁ ዓዘ ወጀል ( ኣ. ዓ. ወ. ) ይብል ንረሱልብ( ሰ .ዓ.ወ ) ንሕና ብዘውረድናልካ ዋሕይ ቁርኣን: ዝበለጸ ታሪኻት ነዘንትወልካ ቅድሚኻ ዝነበሩ ኡማ ( ህዝቢ )

<< **ወቓላ ተዓላ ናሕኑ ነቁሱ ዓለይካ ኣንባኣሁም ቢልሓቒ** >>

ሓፈሻዊ ትርጉም ናይዛ ኣያ :ኣላህ ሱብሓንሁ ወታዓላ '' ይብል '' ንረሱል ሰ /ዓ/ ወ/ንሕና ነዘንትወልካ ርግጸኛ ዝኾነ ታርኽ ( ዛንታታት) ፤

<< **ወቓላ ተዓላ ፈቅሱሱል ኣልቀሰስ ላዓለሁም የተፈከሩን** >>

ሓፈሻዊ ትርጉም ናይዛ ኣያ:ኣላሁ ዓዘ ወጀል'' ይብል'' ንረሱል ሰ/ዓ/ወ/ ኣዘንትወለም እዚ ታሪኻት እዚ ምናልባት እንተ ተገንዘቡ ወይ እንተ ኣስተውዓሉ።
እዚኣን ኣያታት ኣገዳስን ኣድላይን ዝኾነ ታሪኽ ይሕብራና ከመይ ጌሩ መምረሒ ቁርኣን መሰረት ብሙኳኑን :ንልቢ ነቢይና ሙሐመድ ሰ.ዓ.ወ ንኸጸንዕ:
ከምኡውን ንሙእሚኒን ነንሕድሕዶም ንኽግረሙን ንኽሓሰቡን ንኽስተንትኑን በዚኣን ታሪኻት እዚኣተን።

<<ኣላሁ ስብሓነሁ ወተዓላ >> ኣብ ቁርኣን አልከሪም ብዙሕ ብዛዕባ ታሪኽ ናይ ነብያታት ኣውሪድልና። ገሊኡ ብሓጺሩ ገሊኡ ድማ ብሰፊሑ ተገሊጹ ንረኽቦ ኣብ ቁርኣኒልከሪም ካብ ዝስመዮም ሩሱል 25 ኣንቢያእ ክኾኑ እንከለው ብኽምዚ ዝስዕብ ጠቅሲ ናይ ቁርኣን አልከሪም ይኽውን ።

ኣላህ ኣብ ቅዱስ ቁርኣን ከምዚ ይብል:

وَتِلْكَ حُجَّتُنَا آتَيْنَاهَا إِبْرَاهِيمَ عَلَى قَوْمِهِ نَرْفَعُ دَرَجَاتٍ مَنْ نَشَاءُ إِنَّ رَبَّكَ حَكِيمٌ
عَلِيمٌ (83)

وَوَهَبْنَا لَهُ إِسْحَقَ وَيَعْقُوبَ كُلاًّ هَدَيْنَا وَنُوحاً هَدَيْنَا مِنْ قَبْلُ وَمِنْ ذُرِّيَّتِهِ دَاوُودَ
وَسُلَيْمَانَ وَأَيُّوبَ وَيُوسُفَ وَمُوسَى وَهَارُونَ وَكَذَلِكَ نَجْزِي الْمُحْسِنِينَ (84)
وَزَكَرِيَّا وَيَحْيَى وَعِيسَى وَإِلْيَاسَ كُلٌّ مِنْ الصَّالِحِينَ (85)
وَإِسْمَاعِيلَ وَالْيَسَعَ وَيُونُسَ وَلُوطاً وَكُلاًّ فَضَّلْنَا عَلَى الْعَالَمِينَ (86)

<< **ወቲልካ ሑጀቱና ኣተይናሃ ኢብራሂማ ዓላቀወሚሂ ነርፈዑ ደረጃቱን መንነሻኡ ኢና ረበካ ሓኪሙን ዓሊም። ወወሃብና ለሁ ኢስሓቃ ወያዕቁባ ኩለን ሃደይና ወኑሐን ሃድይና ሚንቀብሉ ወሚን ዙሪየቲሂ ዳውዳ ወሱለይማና ወኣዩባ ወዩሱፍ ወሙሳ ወሃሩና ወከዘሊካ ነጅዚል ሙሕሲኒን: ወዘከሪያ ወየሕያ ወዒሳ ወኢልያሳ ኩሉን ሚነ ሳሊሒን ወኢስማዒላ ወልየሰዓ ወዩኑሳ ወሉጣ ወኩለን ፈደልና ዓለል ዓለሚን**>> ።

ወቓላ ተዓላ:

<< **መግለጺ ሰበብ ናይዚ ተፈሲር ቅሰቱል ኣንቢያእ ኣብ ቁርኣን ኩሉ ነዘንትወልካ ዘለና ብዛዕብ ሩሱል:ምእንቲ ልብኻ ንኽጸንዕ በዚ ዝላኣኽናልካ (ቁርኣን ) ሓቅን መጠንቀቅታን መዘኻኸሪ ንሙእሚንን ምእንቲ ክኸዉን**>>

እዚ ከኣ መታን ኽጽንዕ ንልቢ ነቢይ መሓመድ ሰ/ዓ/ወ/ ከምኡ እውን ካብ ሓቂ ወጺኦም ተፈላልዮም ዝነበሩ ህዝቢ ካብ ወለዶ ንወለዶ ዝወረስዎ ጌጋታት ቁርኣን ንኽእርሞ ሓቂ ወረደ:: ንኸብርህ ን ከምኡውን መጠንቀቅታ ንሙእሚንን።

تِلْكَ الرُّسُلُ فَضَّلْنَا بَعْضَهُمْ عَلَى بَعْضٍ مِنْهُمْ مَنْ كَلَّمَ اللَّهُ وَرَفَعَ بَعْضَهُمْ
دَرَجَاتٍ وَآتَيْنَا عِيسَى ابْنَ مَرْيَمَ الْبَيِّنَاتِ وَأَيَّدْنَاهُ بِرُوحِ الْقُدُسِ وَلَوْ شَاءَ
اللَّهُ مَا اقْتَتَلَ الَّذِينَ مِنْ بَعْدِهِمْ مِنْ بَعْدِ مَا جَاءَتْهُمُ الْبَيِّنَاتُ وَلَكِنْ اخْتَلَفُوا
فَمِنْهُمْ مَنْ آمَنَ وَمِنْهُمْ مَنْ كَفَرَ وَلَوْ شَاءَ اللَّهُ مَا اقْتَتَلُوا وَلَكِنَّ اللَّهَ يَفْعَلُ
مَا يُرِيدُ (253)

ሓፈሻዊ ትርጉም ነይዚ ኣያ '' ኣላህ ዓ.ወ.ል'' ይብል

እዚኦም ሩስል እዚኣቶም ገሊኦም ካብ ገሊኦም ኣብሊጽናዮም ካብኦም ዘዛረብናዮም (መንከለምላህ) ካብኦም ንላዕሊ ደረጃ ዝስቀልናዮ ካብኦም ስሩሕን ዘደንቅ መግለጽ(ሙዕጂዛት) ሂብናዮ።
ከምዚኩሉ እንዳ ሃለው እንኮሎ ካብቲ ኡማ ብዙሕ ምፍልላይ ምቅትታልን ተረኽበ ገሊኦም ኣሚኖም ገሊኦም ክሒድም።
''ኣላህ ዓ .ወ .ል ይብል ንረሱል (ሰ. ወ. ለ.)

ብቅድምካ ክንደይ ሩሱላት ልኢ'ኽና ገሊኡ ኣዘንቲናልካ ገሊኡ ካኣ ዘየዘንተናዮን ኣሎው እዚ ታሪክ እዚ ኣብ ቁርኣንልከርም ኣብነታዊን

መጠንቀቕታ እዩ ንዓቕል (ኣእምሮ) ዘለዎ ሰብ ን'ኽሓስበሉ።

**''ኣላሁ ሰ. ወ.ዓ'' ይብል ''**

እዚ ታሪ'ኽ ኣብነት እዮ ንዓቕል ዘለዎ ሰብ እዚ ሱቁሉ ዘረባ ሓሶት ዘይኮነስ ሓቀኛ ጽሩይ መምርሕ ንዝኣመኑ ህዚቢ እዩ።
ኣልኣንቢ.ያእ ዓለይሂ ሰላም መብራህቲ ናይ ሂዳያ እዮም እሶም መራሕትናን ኣብነትና ክንድዩ ሕዝቢ ሂዳያ ረ'ኺቦም በቲ ዘምጽእዎ መምርሒ ይምረሑ ነይሩ እዚ መንገድ እዚ ተ'ኸተል ብኡኡ 'ኸኣ ተመራሕ ።

''ኣላሁ ዓ.ወ.ል'' ልኡ'ኻት ገይርዎም ንዘመናት ካብ መጀመሪያ ፍጥረት ተቀያይሮም ሩስላት :ነቢ.ያታት <<ኣብ ሓዲስ ናይ ሩሱል ሰ.ዓ .ወ ቁጽሪ ናይ ሩስላት 300 ኮይኖም ኣንቢ.ይእ ወሲ'ኾም 124000። >>

ኣብ ዘመን በኒ እስራእል ነቢ.ይ እንተሞይቱ ብካልእ ነቢ ይትካእ ነይሩ: ሓደሓደ ግዜ ኣብ ሓደ ክፍለ ዘመን 2;3,4, ነቢ.ይታት ኣብ ሓንቲ ቦታ (ዓዲ) ይ'ኾኑ ነይሮም ልኡካት ገይርዎም ኣላህ ዓ.ወ.ል ንደቅሰብ ን'ኸድሕኑ ኣብ ደቅሰባት ምፈልላይ ክረኣይ እንኮሎ ይላኣ'ኹ ኔሮም ኣንቢ.ያእ ወሩስል ዓ: ሰ ንወዲሰብ ን'ኸድሕኑን እቲ ጌጋታት ን'ኽእሩሙ ብዙሕ 'ሽግራት የሕልፉ ነይሮም። ዳዕዋ 'ኽገብሩ መንገዲ ቁኑዕ ን'ኽትሕዙ

ብዙሕ ቃልስን ትዕግስትን ኣሕሊፎም ንመልእ'ኽቶም ን'ኸብጽሑ ከምቲ ረቢ ዝኣዘዞም: ህልውነቶም ሓቂ እዩ መረጋገጽ ንደቂ ሰብ ፡

**''ኣላሁ ሰ. ወ.ዓ'' ይብል ''**
ንህዝቢ ኣይገድፎን እዩ ብዘይ መራሒ
( ኣንቢ.ያእ:ሩሱል )

**''ሓታ ማየሕተጅ ዓለይሂ ኣሓድ የውመልቅያማ''**
ሓፈሻዊ ትርጉም ናይዛ ኣያ (ቡቅዕ መረጋገጽ ወይ ጭብጥ ምእንትን ክ'ኾነሉ
**<< ኢና ኩና ዓን ሃዛ ቓፊሉን>>**
ሓፈሻዊ ትርጉም ናይዛ ኣያ፡

**( ካብዚ ዘንጊዕና ኔርና )**
ኩሉ ግዜ ኣብ ኩሉ ኡማ ነቢ.ይ ነይርዎም።
እዚ ታር'ኽ ሓቀኛ ታርክ እንበር ነበረያነበረ ኣይኮነን ኣብ መርየት ዝሓለፉ ኡማ (ህዚቢ) ዝ'ኾነን ዝተገብረን ኣብ ዝተፈላለዩ ዘመናት ኣብ ወዲሰብ ዝተራእየ

ክ'ሸውን እንኮሎ እዚ ታሪ'ኽ ንወዲሰብ ንመዘናግዒ ዘይኮነስ ኣብነታዊ ትርጉም ዝሓዘለ ስለዝ'ኾነ ኣብ

ቀዳሞት ኡማ ዝሓለፉ ጌጋታት ተኣሪሙን ንሕና ድማ በቲ ቅኑዕ መንገዲ ን'ኽንጓዓዝ ይሕብረና።
እንድሕር ቅሰቱል ኣንቢ.ያእ ዘይትፈልጥ ኮይንካ ታሪ'ኽ ኮይኑ ከምኡውን ንቁርኣነል ከሪም ክትርደኦክትርዳእ ኣይት'ኽእልን ኢ'ኻ።

ኣብ ቁርኣነልከሪም:ክንደይ ግዜ ተዘኪሩ ኣደም ዓ .ስ ክንድይ ግዜ ተዘኪሩ ኑሕ ዓ :ሰ ክንድይ ግዜ ተዘኪሩ ታር'ኽ ናይ በኒኢ.ስራእል ምስ ሙሳ ዓ.:ሰ ከምኡውን ሙሳ ዓ:ሰ ምስ ፈርዕን: ክንደይ ሱራ ብሽም ኣንብያእ ተስምዩ ንረ'ኽቦ ።

በዚ ም'ኽን.ያት ዘይፈልጥ ቅሰልቱ ኣንብያእ ዓቢ.ይ ነገር ሓሊፍዎ ካብ ቁርኣንልከሪም ንሕና ድማ ንው'ቕርብ ታር'ኽ ናይ ኣንቢ.ያታት ክሳብ ንዕለም መንገዲ (መምርሒ) ዳዕዋ ሊላህ ዓዘወጀል ንሕና ንደሊ ክንከውን ዳዕዋኛታት።

**(ናእሙር ብልማዕሩፍ ወነንሃ ዓንልሙንክር)**
**ሓፈሻዊ ትርጉም**:
ንእዝዝ በቲ ቅኑዕ መንግዲ ነቲ ጌጋ 'ኸኣ ዓገብ (ሙንከር) ክንብል ኣሎና

ቅኑዕ መንገዲ ክንክተል .ክሳብ ን'ኽእል ናይ ግድን የድልየና መምርሒ ወይ ኣብነት።

እቲ ዝዓበየ ኣብነትና ነቢ.ይና መሓምድ ሰ,ዓ.ወ. እዮም።
**<<ለቀድ ካና ላኩም ፊ ረሱሉላህ እስዋቱን ሓሰና >>**

ሓፈሻዊ ትርጉሙ 'ኻኣ:

ኣብነት ድሕሪ ሩሱል ሰ.ዓ.ወ ሩሱልን ኣንብያእን ከምኡወን ሳሓብል ኪራም

<<ኣብ ሓዲሰ ናይ ሩሱል ሰ.ወ.ዓ>>

'' ማወጥኣል ኣርድ ኣው ማዳሰል ኣርድ ባዕደ ኣንብያእ 'ሽይሩ ሚን ኣቡበክር ረድያላሁ ዓንሁ''
ሓፈሻዊ ትርጉም ቅሰሱል ኣንብያእ ኣብ ቁርኣንልከሪም ከምኡውን ኣብ ሲረትል ነበዊይ ኣልሽሪፍ ከምኡውን ኣብ ኩቱብ ቅስስል

ኣንብያእ ኢ.ብኒከሲር ከምኡውን ኣብ ኩቱብ ብዳያ ወነሃያ ብሰፊሑ ተገልጹ ንረ'ኽቦ።

ንሕጂ ኣብዚ ንድምድም ኣብ ዝስዕብ ግዜ እንሻኣላህ <<ናይ መጀመሪያ ፍጥረት ሰይድና ኣደም ዓለይህ ሰላም ኣብ ጀና ናይ መጀመሪያ ማዕስያ (ዘንቢ) ብዝብል ኣርእስቲ ክንቅጽል
ወሰላም ወዓለይኩም ወራሕመቱላህ ወረካቱሁ።

# ቅልዕቲ ደብዳቤ ንኡም ሃሽም ( 1 )

ብኣቡ ጀሚል

ክብርቲ ሓፍተይ ኡም ሃሽም ፤
አሰላሙ ዓለይኩም ወራሕመቱላሂ ወበረካቱህ ።

እምበአርከስ ብመጽሔት አልዳዕዋ አቢልኪ ዘስፈርኪዩ ጓህኽን ሻቕላኽን ብዓቢይ ተገዳስነት አንቢበዮ። አጥቢቑ እውን ተንኪፉኒ ። ጸገምክን ሻቕላኽን አግሂድኪ ስለ ዝገለጽኪዮን አነ'ውን ከምኦም ዝበጸሑ መንእሰያት ስለ ዘለውኒን ፤ አብ ሓደ አካባቢ ስለ እንርከብን አውያትኪ ክርደአ አይጸገመንን።

አቐዲመ ንትብዓትኪ ዓቢ አድናቖት ይህበሉ ፤ ሕማሙ ዝሓብእ ፈውሱ ይሓብእ ስለ ዝኾነ ፤ ዘለኺዮ ስግአትን ጓህን ምግላጽኪ ሓላፍነት ይሳቐየኪ ከምዘሎን ፈውሲ ንምርካብ ከም ዘይደቀስኪን አብሪሁ ይሕብር ።
ሕማም ክፍለጥ እንከሎ ፤

<>.... ነቲ ዝሓመመ አካል ፈውሲ ምርካብ ፤
<>.... አብ ካልእ ከየስፋፍሕ ምክልኻል ( ጥዑይ ከይልከም )፤
<>... እንደገና ከምኡ ከይርከብ አቐዲምካ ናይ መከላኸሊ ክታበት ተጠቂምካ ናይ ሕማም ዋልታ ትገብር ።

ሎሚ ዘዛርበና ዘሎ ሕማም ካብቲ ርእሱ ከብዱ እግሩ እንብሎ ሕማም ዝኸበደ እዩ ፤ ሕማምና አብ ገዛና ፤ አብ ፍሬና (ደቅና) ዲንናን ጭውነትናን ዘፍርስ ዕምባባ ደቅና ዘብርስ ኮይኑ፤ እዚ ኹሉ አዕቢየ ፤ እዚ ኹሉ ምእንተኦም ተሰዲድና ተዋሪድና ፤ አንታ ረቢ! መኻን ሓንቲ ጓሂአ እናበልና እነማርረሉ ቦታን እዋንን ምህላውና እዩ ።

ሓንቲ ኡም ሃሽም ግለጽዮ ደአ እምበር ፤ በዚ ሕማም'ዚ ዝሳቐዩ ብዙሓት ኡም ሃሽምን አቡ ሃሽምን (ብበይኑ አስማት)

ከምዘለዉ ስለ ዘይከሓድ ፤ብ አልዳዕዋ መጽሔት አቢለ

ንቑሉዕ ጥርዓንኪ ብቁሉዕ ደብዳቤ ተሞርኪሰ ሓሳብ ክህበሉ ይፍትን ። ንምኳኑ ንሕቶኺ መልሲ ንጸገምኪ ፈውሲ ክረኽበሉ ይጽንክረኒ ፤ እንተኾነ አብ በበይኑ ሙእተመራት ጉዳዩ ተላዒሉ ካብ ዑለማእን ፈላጣትን ዝህብሉ ዝነበሩ ተመርኲሰ እጃመይ ከበርክተሉን ፤ ንአሕዋተይ አንበብቲ አልዳዕዋ ክመያየጡሉን ይዕድም ። ጀምዒያና እውን ንኹሉ ጸገማት ስደት ክፈትሖ ክእለት ብጣዕሚ ይሓጽሮ ፤ እንተኾነ ፈላጣት ዓዲሙ ቦታን ጊዜን አዳሊዩ ነዚ ብጣዕሚ አገዳሲ ዝኾነ ጉዳይ ብሰፊሑ ምምያጥ ክግበረሉ ቐላሕታ ክህቦ ይግባእ ።

መልእኽትኺ ንሰለስተ ዓመት ድሕሪት ወሲዱ ፤ ሙእተመር አብ ዝተኻየደሉ እዋን ሓንቲ ከማኺ "አደ" ጸገማ ብሕቶ መልክዕ ብሓጺሩ ከምዚ ክትብል ብግልጺ አቕሪባቶ ፡
"' ..አብ ሓዳረይ ቅስንቲ ስለ ዘይነበርኩን አቦ

ደቀይ ብግቡእ ስለ ዘይሓዘኒ ፤ አንጸርጺረ ምስ ደቀይ ንጀርመን ተሰዲደ ፤ እንተኾነ አብዚ እውን

አይጠዓመንን ። እቲ ዝመረረ , ምስ ሒጃባ ሒዘያ ዝተሰደድኩ ዓባይ ጓለይ ሒጃባ ገፊፋ መንገዲ ረቢ ገዲፋ፤ ምምላኻ ጸጊሙኒ ፤ እቶም ካለኦት እውን ይስዕቡዋ አለዉ ። ደቀይ ካብ ዲኖም ምጥፈኦም ዘንቢ አነ ከይስከሞ ረቢ ከይቀጽዓኒ ፈሪሔ በጃኹም አብርሁለይ " ክትብል ብኽያታ ሓዊሳ ዘቕረበቶ ፤ ሽዑኡ ምሸት ዝነበረ እኩብ እውን ምስአ አብኪያቶ ።

እቲ ዝቐረበሉ ክምልስ እንከሎ ሸኽ ተውፊቕ < ሽሕካ ሰብአይኪ ብሕማቕ ስለ ዝሓዘኪ አብ ረቢ ዘሕትቶ ዘንቢ

እንተፈጸመ ፤ ብወገንኪ ረብሓን ኽሳራን አመዛዚንኪ ፤ ነቲ ሕማቕ ናብራኺ ተጻሚምኪ ፤ አብቲ አስላማዊ ሃዋህው ዘለዎ ቦታ ብጽቡቕ

አዕቢኺዮም እንተትነብሪ“ዶ ምሓሸ ወይስ ካብ ሰብአይኪ ፡ ተገላጊልኪ ፡ እንተኾነ ደቅኺ ጠፊኦሙኺ (ረቢ ኢንሻአላህ ከህዲዮምን ክመልሶምን) እስከ ባዕልኺ ምዘኒዮ ዝብል መልሲ ኼሩዎ ። እዛ ዛንታ ዝጠቐስኩዋ ብናትኪ አቢለ ስለ ዝዘከርኩዋ እየ እምበር ብዛዕባአ ጥራይ ሕጂ ክንዛረበላ ማለተይ አይኮነን ፤

ንምኻኑ ካብቲ ምሳኺ ከምኡ እውን እዛ ዝጠቐስኩዋ ሓፍትና ዘሎ ጸገም (ሕማም) ዝዓቢ ሓቘፉ ዝነብር ገዛውቲ ቁጽሩ ውሑድ አይኮነን ፤ እንተኾነ ገሊኡ ፤

ሀ) ጸገሙ አጋሊጹ ክዛረብ ክእለት ይሓጽሮ ፤
ለ) ጸገሙ ዝሰምዔ ዘበለ ኩሉ ዝምካሓሉ ኮይኑ ስለ ዝስመዖ ፤ምናልባት ንሱ እውን ብናይ ካለኦት ጸገም

ትማሊ ይምካሕ ይነብር እሞ ሎሚ ምስ ተረኽበ ካብ ምጽቃጥ ሓሊፉ ዝብሎ አይረክብን ።
ሓ) ገሊኡ ዝአተዎ ዓዘቕቲ ገና ስለ ዘይተረደኦ፤ ናይ አዱንያ ሃረምረም ስለ ዝዓመቶ ይኸውን ፤ አብኡ የለን ክንብሎ ንኽእል ።

መ)ገሊኡ ቀልጢፉ ኢዱ ሂቡ (አስተስሊሙ) “ አብ ኤሮፓ ደአ እንታይ ደሊኻ“ ካብ ምባል ዘይሓለፈ ቁጽሩ ውሑድ አይኮነን ።
ሰ) ገሊኡ ምስ ሓደ ክልተ ብጸቢብ አልቂሱ ( ጋሂኡ ተኻፊሉ )እንታይ ንግበር ዝብል ተሪር መርገጽ ዘይብሉ ፤ ተዛሪብና ጥራይ ንመበሊ ፤ ቁሩብ ዋዕዋዕ ኢሉ ዘፍ ይብል
ገሊኡ . . . . . . . . . . . . . .ብዙሕ ምኽኒታት ክህሉ ይኽእል

አብ ስደትና ሓደ ካብቲ ዝዓበየ ብድሆ ናይ ደቅና ምንባይን መጻኢ ዕድሎም ምውሳንን ምኻኑ ማንም ዘይስሕቶ መሪር ሓቂ እዩ። ብደቅና እንተዘይተዓወትና ብኻልእ ዝበጻሕና እንተበጻሕና ፍሬ አልቦ ዘትርፈና ዘሕዝን ውጽኢት እዩ ።

አሸንካይዶ ብመርዚ ድራግን መስትን ካብ ዘለዉ ንታሕቲ ካብ ዝሞቱ ንላዕሊ ኮይኖም ክተርፉ ፤ ብጽቡቕ ትምህርቶም እናተኸታተሉ እውን፤ ረቦም ዘይፈልጡ ፤ አይ አስላም አይ ጥቓ አስላም ኮይኖም ክትሪኦም መዓንጣኻ ይቐርጽ አብ ቅድሚ ጎይታ እውን ብጽኑዕ የሕትተና ( ከምኡ ክንዲ ዝኾነ ድማ እዩ እታ ሓፍትና አብቲ ሙእተመር ፤ ደቃ ካብ ዲኖም ምርሓቖም አብ ቅድሚ ረቢ ከየሕትታ ዘለዋ ፍርሒ ዝገለጸት ።

እቲ ዘገርም አብ ካልእ ቦታ ኮይኖም በዚ ዘለናዮ ስደት ዝቐንኡልና ብዙሓት ፤ ’’ ካልእ እንተተረፈስ <>ንስኹምስ ደቅኹም እካ ተምህሩ አለኹም ክብሉና ክሰምዕ እንከለኹ ፤ እወ! ኩሉ ይመሃሩ አለዉ ካብ ምባል ካልእ መልሲ አይረኽብኩሎምን ! ።

ክቡራት ተገደስቲ አንበብቲ አልዳዕዋ ! እቲ ጉዳይ ሰፊሕ እቲ ሕማም ገፊሕ ምኻኑ ኩሉ ዝግንዘቦ እዩ ፤ ግን ሓደ ከይበልካ ክልተ ስለ ዘይበሃል ፤ ክሳብ እቲ ብስፍሕ ዝበለ ደረጃ ተራኺብካ ናይ ምዝርራብ ዕድል ረቢ ዝውፍቐና ፤ ብአልዳዕዋ አቢልና ሓሳብ ክንለዋወጠሉ አድላዪ ኮይኑ ይረኽቦ ።

አብ ካልአይ ክፍሊ ናይዚ ጉዳይ ኢንሻአላህ ፤
<< እቲ ጌጋ አበይ እዩ ዘሎ ?
<< መንዩ ብሓላፍነት ዝሕተት? ወለዲ ? እቲ ውላድ ? አካቢ (ዘለናዮ ሕብረተሰብ )
<< ጀምዒያ ዝብሉ እውን አይሰአኑን !
<< ዑለማእ ፤ ናይ ተርቢያ ፈላጣት ( ናበይቲ ) እንታይ ይብሉ ?

ድሕሪ እዚ ምናልባት እቲ ሕማም ምስ ተፈልጠ ፈውሱ ይርከብ ብፊድሊላህ ፤
ከየስፋሕፍሕ ገደብ ይግበረሉ ፤ እቲ ክታበት ዝበልናዮ መከላኸሊ ዋልታ እውን ኢንሻአላህ ይርከቦ ዝብል ትምኒት ዝተሓወሶ ድሕሪ ምምዝጋብ ፤ ብዓቕመይ ይኸውን ዝብሎ ሓሳብ አስፊረ ንሎሚ ቀለመይ አብዚ የዕርፎ ። ወላሁልሃዲ ኢላ ሰዋኢ ሰቢል ።

ወል ሕምዱሊላሂ ረቢልዓለሚን ።

# *ኣልዳዕዋ እንተተሓተካ?*

*<u>ብኣቡ ጀሚል</u>*

ብሰላም ጀሚራ ኢላ ከማዓልካ
"" ኣብ ሰሰለስተ ወሪ ክኩሕካሓካ""
ብኣድራሻኻ ኣብ ቡስጣ ሳንዱቕካ
ኣበይ ተስፍረኒ ትቕብል ኣቢልካ?

ኢላ መጽሔት አልዳዕዋ እንተትሓተካ
ቀልዓለም ዘይብሉ እንታይ ምመለስካ?

ካብ ኪታብ ቀዲሓም ፤
ካብ ሓዲስ ጨሊፎም ፤

ተርጊሞም፤ ሰሪዖም፤ዝጠቅም ለቒሞም
ዝተሸባሸቡሉ ኢማን ተዓጢቖም
ሸሊሞም ክሰዱኒ አድራሻኻ ፈልዮም ፤

<u>አበይ ተስፍረኒ ትቕብል አቢልካ ?</u>
<u>ኢላ አልዳዕዋ እንተትሓተካ ፤</u>
<u>ቀልዓለም ዘይብሉ እንታይ ምመለስካ?</u>

ተንብቦ'ዶ ትቐስሞ ትሕዝቶይ
ትከታተሎ ዶ በበይኑ አርእስተይ ፤
ረቢ ይፍተወሎም ዝለአኹልካ አሕዋተይ
ሓዚለዮ ዝመጽእ ዓሚረ መአደይ ፥

<u>አበይ ትወስዶ? ቅርጫተይ ተቐቢልካ</u>
<u>ዝብል ሕቶ አልዳዕዋ እንታይ መመለስካ?</u>

<u>አልአቕረቡን አውላ ቢልማዕሩፍ</u>
ቅድም ቀዳድም ንዝቐረቡኻ ስለ ዝበሎ
ንሰበይትኻን ንደቅኻን ዶ ተካፍሎ ?

*<u>በሊቑ ዓንኒ ወለው ኢያ</u>* ዝበሎ ነቢይኻ
ዘኪርካ ዶ ትኽተል ተብጽሕ ግዴኻ
ንዘመድን ዓርክን በጻሕቲ ገዛኻ ?
ወይስ ብሒትካ ትምገቦ በይንኻ ?

<u>ኢላ መጽሔት አልዳዕዋ እንተትሓተካ</u>
<u>ቀልዓለም ዘይብሉ እንታይ ምመለስካ ?</u>

ከኾልሱኒ ጥራይ ድዮም ዝነብሩ
ዘይካፈል ቁሩብ ካብቲ አጅሩ
ቆራይ መዓስ ኮይኑ ሓምዲ ይኹኖ
ዘይካፈል ዓቕመይ ዝመጠኖ

ጮማ እንተዘይብለይ ሱቡሕ ጥብሲ
አበይ ክስእነሎም ትኹን ስልሲ !!
ዝብል ሓቦ" ዶ ቀስቒሱካ
ወይስ ግዲ አይገበርካሉን ፈጺምካ
ክሳብ ቤትካ ዝመጸእ መአደይ ንዒቕካ ?
<u>ንዝብል ሕቶ ዳዕዋ እንታይ ምመለስካ?</u>

*ኣነ ተዓዛቢ ድማ ከምዚ ምበልኩኻ ፤*

*መጺሔት ዝሓተተትካ ኩሉ*
*ሕራይ እውን ደሓን ብኸፈሉ*
*ዘጽግብ መልሲ እንተዘይረኺብካሉ፥*

አየኽፈአላን አልዳዕዋ እንተበለትካ፤
„ነዚ ድዩ ምስ ኼሬይ መጽየካ
ረአኹልካ ! ምለሰኒ ብሓንቲ ፈቲሕካ !

ክምለሶም ወለደይ ክቡራት ጸዓርቲ
<u>ኮለን</u> አለዉ አድራሻኦም ፍልጥቲ
አሕዋት አለዉኒ አንበብቲ ጸሓፍቲ
ይሃቡኒ ንኻልእ አለዉኒ ጠለብቲ

<u>ረጃዕኩ</u> እንተበልካሞ ተጣዒስካ ፤
ስድራይ ለዋሃት እዮም ሰብ በረካ
አልዳዕዋኻ እንደገና ይልእኩልካ
አይትዓሹ ግን ትምህርቲ ይኹንካ
ተበራበር ዝሓለፈ ረቢ ይሳምሕካ ፥
ጽባሕ መጽየ እንተሓቲተካ
<u>ደጊም ተማም</u> ክትብለኒ
ረቢ ይወፍቕና ይወፍቕካ ።